# ድሕሪ ዓወት መስመሪ ጉባኤ ኪዳንከ ናበይ

ተመኩሮ ጉባኤታት ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ይኹን ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ብስምምዕ እንተወጸ ሕድሕዳዊ ምክሳስን ተጻብኦን ደው ንኽብል ዝሕግዝ፤ ብዘይስምምዕ እንተወጸ ከኣ ሞራል ኣባላትን ተስፋ ህዝብናን ዘብንን ምድሪ-ቤት ዘይበጽሕ ናይ ውሻጠ ቃልሲ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ።

ብመሰረቱ ኣድላይነት ናይ ሓባር ቃልሲ ብደረጃ ዝጸንሐ ምሕዝነት ይኹን ኪዳን ተነጻጺልካ ብውልቀ-ውድባት ክብጻሕ ንዘይከኣል፡ ዓቕምታትካ ብምውህሃድ ዝደሌኻዮ ዕላማ ንምብጻሕ ዝቐለለ መንገዲ ስለዝኾነ ኢዩ። ኰኖ'ዚ ዝጠመተ ከኣ ነቲ ብሰንኪ ብኹረት ስኒት ተቓወምቲ ውድባት ተስፋ ስኢኑ ውልቀ ተቓዋማይ ዝመረጸ ወይ ኣብ ገዛእ ጉዳዩ ተዓዛባይ ኮይኑ ዘሎ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብና ውን ናይ ዝተወደበ ቃልሲ ዘበራብር ስለዝኾነ ኢዩ።

እዚ ናይ ትማሊ መስመሪ ጉባኤ ኪዳን መንገዲ ዓወት ሒዙ ምውጽኡ ዓቢ ብስራት ኢዩ። ጠለባት ህዝብናን ኣባላት ውድባትን ዝመለሰ ኢዩ ነይሩ። እቲ ሕቶ ስልጣን ብሕቶ ስርዓት-ሕጊ ዝተተክአ ይመስል። ብመሰረቱ እውን ሕቶ መሪሕነት (ስልጣን) ኣብ ትሕቲ ስርዓት-ሕጊ ዝስራዕ ደኣ'ምበር ገባርን ሓዳግን ዝኾነ መሪሕ ንሙሻም ኣይኮነን። ከምዚ እንድሕሪ ኮይኑ እምበኣር ነዚ ቦታ'ዚ ንምሓዝ ዘሻሙን ዘጻድፍን ትርጉም ኣይምነበሮን። በዚ ይኹን በቲ ጉባኤ ኪዳን ክስገር ዝነበሮ ሰጊሩዎ ኣሎ። እንተኾነ ግን ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ መንገዲ፡ መንገዲ ዓቐበትን ቁልቁለትን እሾኽን ቶኽርባን ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ሕሉፍ ተመኩሮታት ዕዉት ጉባኤታት ምሕዝነትን ኪዳንን ክግምገም ይግባእ። ንስለ ምስምማዕ ተሰማሚዕካ ምኻድ፡ ዕዉት ጉባኤ ገቢርና ኢልካ ምእዋጅ ንበይኑ ፋይዳ ክምዘይብሉ ተመኩሮ ሕሉፍ ዕዉት ጉባኤታት ምሕዝነትን ኪዳንን ኣብነታት ክወስድ ይግባእ።

ተመን ዝረኣየስ ብልሕጺ ተዳህለ ከምዝበሃል፡ ሕሉፍ ተመኩሮታት ንሕልናታት ቃልሲ ኣልሚሱዎ ኢዩ። ዳግም ንምብርባሩ፡ ብስራት ዕዉት ጉባኤ ንበይኑ እኹል ኣይኮነን። እቲ ክሳብ ሕጂ በኹሩ ዘሎ ተዓዊተሉ ንዝበልካዮ ኣብ ባይታ ንኽሰርሕ ዘይምግባር ኢዩ። መሪሕነት ኪዳን ነቲ ዕዉት ኢሉ ተቐቢሉዎ ዘሎ እዋናዊ መደብ ዕዮ ንስራሕ ብቕልጡፍ ከዋፍሮ ይግባእ። እቲ ብመሪሕነታዊ ደረጃ ክዕመም ዘለዎ ስራሓት ልዕሊ ውድባዊ ስራሓት ተታሒዙ ብዕቱብነት ክስረሓሉ ይግባእ። እቲ ብኣባላት ውድባት ክስራሕ ዘለዎ ብንጹር ብደረጃ መምርሒ ንታሕቲ ክወርድ ይግባእ።

ሕሉፍ ተመኩሮ ከምዝመሃረና ድሕሪ ዕዉት ጉባኤ ናይ ምሕዝነት ይኹን ኪዳን ታሕተዎት ጽፍሕታት ኣባላት ውድባት ብሓባር ክሰርሕሉ ዘለዎም ስራሓት ብንጹር ይወርዱ ስለዘይነበሩ፡ ኣኼባታት ክግበር እንከሎ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ውዱእ መደባት ነብሱ ሰሪዑ ንስራሕ ዝዋፈር ዳግም ኣብ ከመይ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ብሓደ ንስራሕ ኣብ ዝብል ዘይተደላዪ (ተወዲኡ ክመጽ ዝግብኦ) ግዜኡን ሓይሉን ከባኽን ኢዩ ጸኒሑ።

እቲ ብደገ ክዕመም ዘለዎ ስራሓት ዝበሃል፤

1/ ተፈላጥነት ኪዳን ንምዕዛዝ ብሓባራዊት ሽማግለ ዝምእከል፡ በዓላት፡ ኣኼባታት፡ ፌስቲቫላት ብምግባር ምስ ህዝብኻ ናይ ኢህን ምሂን መድረኽ ምኽፋት።

2/ ብዜናዊ መዳይ፡ ብሓባራዊት ሽግግለ ዝምእከል ኩሉ ኣብ ደገ ዘሎ ዕድላት ተጠቒምካ ኣብ ኣእትነብረሉ ሃገራት፡ ተግባራት ዲክታቶርያዊ ስርዓት እናቃላዕካ ምንጻሉ።

3/ ሰላማዊ ሰልፍታት ወ.ዘ.ተ

እዚኣቶምን ከምዚኣቶምን ዝኣመሰሉ ስራሓትን ኣብቲ ዕዉት ጉባኤ ዝበልናዮ ከም መደብ ዕዮ ተታሕዞም እንተኾይኖም ከም ናይ ስራሕ ምምርሒታት ክወርዱ ይግባእ። እዚ ተግባራዊ ስራሓት እዚ ኣብ ባይታ ወሪዱ ብስራሕ እንተዘይ ኣመስኪሩ እቲ ድሮ ኣዝዩ ተሃስዩ ዝጸንሐ ንያት ቃልሲ ኣባላት ውድባትን ህዝብናን ዕዉት ጉባኤ ብምግባር ጥራይ ዝበራበር ኣይኮነን። ስለዚ ድሕሪ ዕዉት ጉባኤ ኪዳን ሕጂ'ሽ ናበይ ንዝብል ብንጹር ዝሓለፈ ተመኩሮታት ምድጋም ዘይኮነስ፡ ካብ ላዕሊ ታሕቲ ናይ ስራሕ መምርሒታት ብቕልጡፍ ወሪዶም ኣብ ስራሕ ክውዕሉ ምግባር ኢዩ።እዚ ዝሕተት ዘሎ ናይ ስራሕ መምርሒታት ብግቡእ ንታሕቲ እንድሕሪ ወሪዱ ውድባዊ ጸበትን ካልእ መኸንያታትን ተጠቒሙ ንከይትቃለስ ዝዕንቅፈካ፡ ንከርክበካ መንገዲ ከይዓጸኻ ጉዕዞኻ ካብ ምቕጻል ካልእ ምንም ኣማራጺ መንገዲ የሎን።

ዓወት ንሓባራዊ ስራሓት

ዝኽሪ ንሰማእታት

ሚ. ወልዱ  ሃገር ጀርመን